ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ المفوضية الوطنية الإرترية للتغيير الديمقراطي
Eritrean National Commission For Democratic Change

# ዕድመ ንኩሎም ኤርትራውያን ኣብ ሚላኖን ከባቢኣን ፡ ንዋዕላን ኣንፈቱን ዝምልከት ናይ ህዝቢ ኣኼባ፡

ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2009 ዳርጋ ኩሎም ፖለቲካዊ ውድባትን ሰቪክ ማሕበራት ውልቀ ዜጋታትን ዝተሳተፍዎ፣ሰፊሕ ዋዕላ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተኻይዱ ከምዝነበረ ኩሉ ዝዝክሮ ኢዩ።እዚ ኣኼባዚ ካብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝወሓዙ፣ ብሃይማኖት፣ብብሄር፣ ብቋንቋ፣ብጾታን ብዕድመን ዝተፈላለዩ ኤርትራውያን ዜጋታት ኣብ ሓደ መኣዲ ኮፍ ኢሎም ብምዝታይ ኣገዳሲ ሃገራዊ ውሳኔታት ዘሕለፍሉ ታሪኻዊ ኣኼባ ምንባሩ ብዙሕ ተነጊሩሉን ተጻሒፍሉን ኢዩ።ሓደ ካብቲ ኣገዳሲ ውሳኔታት ንኩሎም ተሳተፍቲ እትውክል ብ53 ኣባላት ዝቖመት ኮሚሽን ተመሪጻ ነቲ ድሕሪ ሓደ ዓመት ክካየድ ዝተወሰነ ጉባኤ ንምድላውን ንምውህሃድን ሓላፍነት ምውሳዳ ኢዩ።

በዚ መሰረት ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ዓለም ዝነብር፣ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ተኣልዩ ቅዋማውን ብሕጊ ዝምእዘዝ መንግስትን ክመጽእ ዝትምነ ኤርትራዊ ዜጋ ኩሉ ዝዝትየሉን ርእይትኡ ዝሕውሰሉን ባይታ ንምጥጣሕ ብርቱዕ ጻዕሪ ተካይድ ኣላ።

እዚ ናይ ዘተ መኣዲ'ዚ ኩሉ ደላዩ ለውጢ ኤርትራዊ ዜጋ እጃሙ ዘበርክተሉን ፍልልያቱ ኣጽቢቡ፣ናይ ቃልሱ ቅደም ተኸተል ብምስራዕ ሓድነታዊ ሰረት ተቓውሞ ዘንጸፈሉን መኣዲ ንክኸውን ጻዕሪ ናይ ኩሉዜጋ ምስዝሕወሶ ኣድማዕነቱ ዘይከሓድ ኢዩ።

ካብዚ እምነት'ዚ ብምብጋስ ኣብ ሚላኖን ከባቢኣን ዝርከቡ ተቓወምቲ ውድባትን ሰቪክ ማሕበራትን ውልቀ ዜጋታትን ብዛዕባ ዋዕላን ኣንፈቱን ንምዝታይ ኣኼባ ናይ ህዝቢ ኣዳልዮም ንኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ይዕድሙ።

<u>ኣቕራቢ</u> - ኣቶ ኪዳነ ተኽለ ኣባል ሃገራዊ ኮሚሽን ንዲምክራሲያዊ ለውጢ ካብ ሽወደን፡

<u>ኣኼባ ዝካየደሉ ዕለት</u> - 16 ሚያዝያ 2011 ፣ሰዓት 16.30 ድሕሪ ቀትሪ

<u>ኣኼባ ዝካየደሉ ቦታ</u> - ቪያ ጆቫኒ ፓስኮሊ ቁ. 4
- VIA GIOVANNI PASCOLI N° 4. ( CITTA STUDI )

<u>መጓዓዝያ</u> - ካብ ፖርታ ቨነስያ ትራም ቁ.5 ን ቁ.33ን (3 ፈርማታ)
- ካብ ማእከል ከተማ ትራም ቁ. 23
- ካብ መዕረፊ ባቡርን (ስታሲዮነ ቸንትራለ) ካብ ፒያሳለ ሎድን ኣውቶቡስ ቁ.92

ብደሓን ምጹ

ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ ሚላኖን ከባቢኣን።